መዋእለ ህጻናት

Public education
**Discover a world of opportunities**

# ቁጽርታት: ትምህርቲ ኣብ ገዛ

## ትርጉም ሕሳብ ምፍላጥ

እዚኦም ገለ ንደቅኻ ሕሳብ ናብ ሂወቶም መታን ከተምጽእ ዝሕግዙኻ ሓሳባት'ዮም:

- ቁጽሪ: ግዜ: ቦታን መዔቀንን ክትጥቀም እንከለኻ ሕሳብ ክሳብ ክንደይ ጠቓሚ ክኸውን ከምዝኽእል ደቅኻ መታን ክርእዩ ዓው ኢልካ ሕሰብ:
  *ንኣብነት እኹል ቱፋሕ ይህልወና ዶ ይኸውን?ን እስከ ንምርግጋጽ ንፍቀዶ?*
- ደቅኻ ዝሰርሕዎ ስራሓት እናተዛረቡ ከካይድዎ ኣተባብዓዮም:: ሕቶታት ሕተት: ደቅኻ'ውን ከምዝሓቱኻ ግበር:: እዚ ንነገራት ትርጉም ክህብዎምን እንታይ ይገብሩ ከምዘለዉ ክርደኦምን ይሕግዝ:: ኣድማዕነት ዘለዎ ኣመሃህራ'ዩ:
- ነገራት ክትገልጾም እንከለኻ ናይ ሕሳብን ቁጽርን ቃላት ተጠቐም:: ኣብ ክንዲ እቲ ሳንኬሎ ምባል እቲ ናይ 10 ሊትሮ ሳንኬሎ ምባል። እዚ ንደቅኻ ነገራት ከመይ ጌርካ ትዕቅን ንምግላጽ እንጥቀመሎም ዝተፈላለዩ ቃላት ክመሃሩ ይሕግዞም::

**ቴሌቪዥን ኣጥፍኣዮ። ንደቅኻ መኻልፍ እንተዘይሃልይዎም ኣቓልቦ ክገብሩ ዝቐለለ ይኸውን።**

**'ንእሽቶን ብተደጋጋሚን' ዝብል ወርቃዊ ሕጊ ተኸተል – ኣብ ነብሲ ወከፍ መዓልቲ ዝወሃብ ናይ ውሑዳት ደቓይቕ ኣስተምህሮ ብዛዕባ ቁጽሪ ካብ 30 ደቒቕ ምዱብ ናይ ሕሳብ ትምህርቲ ይሓይሽ።**

- ካብ ዕሸል ዕድመኦም ብዛዕባ ቁጽሪ ክሓስቡን ክዛረቡን መታን ክኽእሉ መዓልታዊ ንጥፈታት እናካየድካ እንከለኻ ንደቅኻ ሕቶታት ሕተቶም። ከም'ዚ ዓይነት ሕቶ ሕተቶም፡ *ኣብኡ ክንደይ ኣለው? በየናይ መንገዲ'ዩ? ኣብ'ኡ ክኣቱ ይምጥኖ'ዶ? ንኹልና ዝኣክል ኣሎ ዶ? ክንዲምንታይ ዓቢ'ዩ?*
- ደቅኻ ኣብ ገዛ ነዞም ነገራት ማለት፡ መልጎም፡ ካልሲ፡ መትሓዝ ዝተሰቐለ ክዳንን ሕጡብን በብመጠኖም፡ ንውሓቶም፡ ሕብሮምን ቅርጾምን ኣብ ምስራዕ ከምዝሕግዙ ግበሮም።
- ደቅኻ ዋላ'ውን ጌጋ መልሲ እንተሃቡ ፈተነ ብምክያዶም ጥራይ ኣሞግሶም። ነቲ መልሲ እንድሕሪ ዘይፈሊጦም፡ ክሓስብሉ ግዜ ሃቦም። መልሲ እንድሕሪ ሂብካዮም ከመይ ጌርካ ከምዝረኸብካዮ ግለጽ። እዚ ናይ ትምህርቲ ርእሰ ተኣማንነቶም ክብ የብሎ። ንኽሓስቡ ግዜ ሃቦም። ሕቶታት ክምልሱ ግዜ ሃቦም። ዕጉስ ኩን።




Department of Education

**ዝያዳ ጽሑፋት ብዛዕባ ትምህርቲ ኣብ ገዛ ኣብ education.wa.edu.au ክትረኽቡ ኢኹም።**

© Department of Education, Western Australia, 2015

CC BY